ኤርትራዊ ሃገራዊ ባይቶ ንዲሞክራሲያዊ ለውጢ

መሪሕነት ባይቶ

المجلس الوطني الإرتري للتغيير الديمقراطي

رئاسة المجلس

Eritrean National Council for Democratic Change

Presidency of the Council

## ጋዜጣዊ መግለጺ

## ኣቦመንበር ኤርትራዊ ሃገራዊ ባይቶ ንዲሞክራሲያዊ ለውጢ

ህዝብና ኣብ ትሕቲ ዲክታቶርያዊ ስርዓት ህግደፍ ብጭቆናን ዓፈናን ጌና ይሳቐን ይቕንዘውን እናሃለወን፡ ተቓወምቲ ሓይልታት ኤርትራ ዲሞክራስያዊ ለውጢ ንምርግጋጽ ከይሰልከዩ ተጋድሎኦም እናቐጸሉ ኣብ ዝለውሉ ህሞት፡ ሓዲሽ ዓመት ይቀላቀለና ኣሎ። ከም'ቲ ኣብ ከምዚ ዝኣመሰለ ኣጋጣሚታት እናሻዕ ዝደጋገም፡ ዓመተ 2017 ኣብ ህዝብናን ሃገርናን ዞባናን ሰላምን ርግኣትን ዘሰፍን ሓዲሽ ተስፋዶ ይህልዎ ዝብል ሕቶ ከምዝልዓል ዝፍለጥ'ዩ።

በዚ ኣጋጣሚ'ዚ፡ ክቡር ባዓል ልደትን ሓዲሽ ዓመት 2017 ናይ ራህዋን ቅሳነትን ሰላምን ዓወትን ክኾውን ዘሎና ሰናይ ትምኒትና እናገለጽና፡ ንመላእ ህዝቢ ኤርትራን ሃገራውያን ተቓለስቲ ሓይልታቱን የሃናና ነቕርብ።

ኤርትራዊ ሃገራዊ ባይቶ ንዲሞክራስያዊ ለውጢ ኣብ ዓውዲ ፖሎቲካ ኤርትራ ንፖለቲካውን በርጌሳውን ህዝብን ብሽርክነት ዝሓቑፈ ብዓይነቱ እቲ ዝዓበየ ኤርትራዊ ሃገራዊ ፖሎቲካዊ ጽላል'ዩ። ከም ሓዲሽ ተመኩሮ መጠን ኣድማዕነቱ ዝገትኡ ሓያሎይ ብድሆታት ይገጥምዎ'ኳ እንተሃለወ፡ ነዚ ንምስጋርን ንቕድሚት ንኽምርሽን ብዝተኻእለና መጠን እናጸዓርና ንርከብ።

ካብዚ ምብጋስ፡ መሪሕነት ሃገራዊ ባይቶ ብመሰረት'ቲ ኣብ እንግድዓኣ ዝተነብረ ሓላፍነት፡ ህልዊ ጸገማት ሃገራዊ ባይቶ ንምፍታሕ ብዘሎና ድልየትን፡ ዝቕጽል ዘሎ ዕዮ ምስንዳእ ጉባኤ ንምስላጥን ምእንቲ፡ እቲ ኣብ መወዳእታ ወርሒ ታሕሳስ 2016 ክጋባእ ተወሲኑ ዝነበረ ግዜ 2ይ ሃገራዊ ጉባኤ ክመሓላለፉ ወሲኑ። ብመሰረት እዚ ውሳኔ'ዚ፡ ክሳብ'ቲ ኣብ ቀረባ እዋን ዝግለጽ ጊዜ ምግባእ ጉባኤ፡ ናይ ኩሎም ትካላት ሃገራዊ ባይቶ ሓላፍነት ዝቕጽል ይኸውን።

ካልኣይ ሃገራዊ ጉባኤ ኣብ ቀረባ ግዜ ብዓወት ንምስልሳል ምእንቲ ከክእል፡ መላእ ሰፊሕ ሓፋሽ ህዝብናን ኩሎም ተቓለስቲ ሓይልታቱን፡ ፖለቲካውን ሞራላውን ነገራውን ደገፋቶም ክበርክቱ ነማሕጽን።

**ዓወት ንዲሞክራሲያዊ ተጋድሎ ህዝብና!!**

**ዓወት ንሃገራዊ ባይቶ!!**

**ውርደትን ውድቀትን ንዲክታቶርያዊ ስርዓት ህግደፍ!!**

**ሓጅ ዓብደኑር ሓጅ**

**ኣቦመንበር ኤርትራዊ ሃገራዊ ባይቶ ንዲሞክራሲያዊ ለውጢ**

27/12/2016